IMPORTANT INFORMATION TO THE RENTER

ክቡር renter

**ድሕሪ ሓጺር እዋን ቀረብ ሓደስቲ ኣባይቲ ኽጅመር እዩ**

ሆምስ ቪክቶርያ ነቲ 44 ናይ ቀደም ነዋሕቲ ፓላሶታት ህዝባዊ ኣባይቲ ጡረታ የወጽእ ኣሎ፣ እዚ ድማ ዘመናውን ምቹውን ኣብ ጥቓ መጓዓዝያን ኣብያተ-ትምህርትን ስራሕን ኣገልግሎትን ዘለዎ ኸባቢ ዝያዳ ኣባይቲ ንቪክቶርያውያን ንምህናጽ እዩ።

ስድራ ቤታት ካብ 12 ሆላንድ ኮርትን ካብ 120 ሬስኮርስ ሮድ ፍለሚንግተን ከምኡውን 33 ኣልፍረድ ስትሪት ኖርዝ ሜልቦርን ምስ ገዓዙ ሓደስቲ ኣባይቲ ክህነጽ ኢዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ኽልተ ወርሒ እታ ናብ ካልእ ቦታ ተግዕዝ ጕጅለና ገዛእ ርእሶም ከፋልጡን ብዛዕባ እቲ መስርሕ ክገልጹን ንሕቶታትኩም ክምልሱን ጻዕሪ ጌራ እያ። ንልዕሊ 90 ሚእታዊት ስድራ ቤታት ብዛዕባ ድልየትኩምን ምርጫታትኩምን ርክባትኩምን ዘለና ምርዳእ ብምምርኳስ ናብ ካልእ ቦታ ንምግዓዝ ዘኽእል መመልከቲ ንኽመልክቱ ኽንድግፎም ከኢልና ኢና። ኣብ ዝቐጽል ሰሙናት ንስድራ ቤታት ሓድሽ ኣባይቲ ኽነቕርበሎም ክንጅምር ኢና።

ናይ ገዛ ቀረብ ክወሃበኩም ከሎ፣ እንተላይ ብዛዕባ መመልከቲ ወረቐት ገዛ ገለ ሕቶታት እንተ ሃልይኩም በጃኹም ነታ ናብ ካልእ ቦታ እተግዕዝ ጕጅለና ርኸብዋ። ኣብዚ መስርሕ እዚ ኹሉ ኽንድግፈኩም ኢና መጺእና።

**ናብ ካልእ ቦታ ንምግዓዝ መመልከቲ ኣባይቲኻ ምውዳእ**

እቶም ነቲ ፎርም ምፍራም ሓዊስካ መመልከቲ ወረቐት ዘይወድኡ ስድራ ቤታት ሓድሽ ቤት ክወሃቦም ብቑዓት ኣይኮኑን። ኣብዚ ቐረባ ሰሙናት እታ ናብ ካልእ ቦታ እተግዕዝ ጕጅለና ብተሌፎንን ብኣካልን ክትረኽበኩም ፈቲና እያ።

ናብ ካልእ ቦታ ምግዓዝ በዳሂ ክኸውን ከም ዝኽእል ንፈልጥ ኢና ናብ ሓድሽ ቤት ንኽትግዕዙ ድማ ደገፍ ከም ዝግበረልኩም ኽነረጋግጽ ንደሊ ኢና፣ ገለ ኻብዚ ኸኣ ኣብቲ ኸባቢ ኣብ ዝቐጽል ሰሙናትን ኣዋርሕን ክርከብ ንዝኽእል ሓደስቲ ኣባይቲ ኢጋጣሚ ምርካብ እዩ።

Need a translated version?

Scan QR Code

or visit:
homes.vic.gov.au/
high-rise-victoria-renter-updates

**ምእንቲ ኽንሕግዘኩም በጃኹም ምሳና ተራኸቡ።**

ምስቶም ናብ ካልእ ቦታ ዘግዕዝ ጉጅለና ገና ዘይተራኸብኩም እንተ ኼንኩም፣ ወይ ናይ ምግዓዝ መመልከቲ እንተ መሊእኹም፣ በጃኹም ብዛዕባ እቲ መስርሕ ምእንቲ ኽንገልጸልኩምን ምእንቲ ድሌትኩም ተረዲእና ግቡእ መንበሪ ምእንቲ ኽነናድየልኩምን ምስታ ናብ ካልእ ቦታ እተግዕዝ ጉጅለና ተራኸቡ።
ቀዳምነት እንህቦ ነገር ድልየትኩም ዘማልእ ቤትን ቀረብን ምንዳይ እዩ።

ምስቲ ናይቲ ኽፍሊ ናብ ካልእ ቦታ ዘግዕዝ ጉጅለ ተራኺብኩም **ዓርቢ 2 ለካቲት 2024** ናይ ምግዓዝ መመልከቲ ንኽትመልኡ ንሓትት።

- ምስቲ ናይ ምግዓዝ በዓልሞያ ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ሰዓት 9 ናይ ንጉሆ ክሳዕ ሰዓት 5 ናይ ምሸት ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም፣

- ኣብ 120 ሬስኮርስ ሮድ ፍለሚንግተን ዝነብሩ ነበርቲ ምስታ መራሒት ናብ ካልእ ቦታ እተግዕዝ ጉጅለ ሃና ከበደ ብ0447 717 935 ክራኸቡ ይኽእሉ ኢዮም፣

- ኣብ 12 ሆላንድ ኮርት ፍለሚንግተን ዝነብሩ ተቐማጦ ምስታ መራሒት ናብ ካልእ ቦታ እተግዕዝ ጉጅለ ሎረን ዱጉድ ብ0447 866 403 ክራኸቡ ይኽእሉ እዮም

- ኣብ 33 ኣልፍረድ ስትሪት ኖርዝ ሜልቦርን ዝነብሩ ሰባት ምስቲ መራሒ ጉጅለ ግዒዞም ዝነበሩ ጃኪ ሞናጋን ብ0447 842 369 ክራኸቡ ይኽእሉ ኢዮም ወይ

- ብ relocationsteam@homes.vic.gov.au ኢ-መይል ግበሩልና

እቲ ኽፍሊ ነቲ ናብ ካልእ ቦታ ንምግዓዝ ዝወጽእ ወጻኢታት ንኤለክትሪክ ንጋዝ ንኢንተርነት ንተሌፎን ከምኡውን ንመዛወሪ ጶስጣ ዝኽፈል ወጻኢታት ከም ዝሸፍን ከነረጋግጸልኩም ንደሊ። ኣብታ ሓዳስ ቤትኩም ምእንቲ ኽትሰፍሩን ኣብ ዳግመ ህንጸት ፍለሚንግቶንን ኖርዝ ሜልበርንን ዘሎ ምምሕያሽ ምእንቲ ኽትሰምዑን እታ ጉጅለና ምሳኻትኩም ኣዘውቲራ ኽትራኽብ እያ።

ተኻረይቲ ንኽም ፈታዊኦም ወይ ኣባል ስድራቤቶም ዝኣመሰሉ ዝድግፍዎም ሰባት ናብ ምስ ናብ ካልእ ቦታ እተግዕዝ ጉጅለ ዘለዎም ቈጸራ ከምጽኡ ይተባብዑ እዮም። ካብ ተወካሊ ማሕበር ህዝባዊ ተኻረይቲ ቪክቶርያ (Victorian Public Tenants Association (VPTA)) ተኻረይቲ ቪክቶርያ ወይ ሕጋዊ ተወካሊ ደገፍ ክትሓትቱ ትኽእሉ ኢኹም። ዘድልየኩም እንተ ኾይኑ ዝድግፈኩም ኣስተርጓሚ ኽንውድብ ኢና።

ወትሩ ብኣኽብሮትን ብደገፍን ብሓልዮትን ክንሕዘኩም ኢና።
ናብ ሓድሽ ቤት ንኽትግዕዙ ክንድግፈኩም ብሃንቀውታ ንጽበ።

ካብ ልበይ ናትኩም
**ፒተር በውሞንት**

ዳይሬክተር
ናይ ምግዓዝ ምትሕብባርን ምምሕዳር ክራይን
ሆምስ ቪክቶሪያ

08 / 01 / 2024

50 Lonsdale Street, Melbourne Victoria 3000
GPO Box 4057, Melbourne Victoria 3001
Telephone: 1300 650 172
www.homes.vic.gov.au

@homesvic